ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
መሪሕነት ባይቶ

المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي
رئاسة المجلس

**Eritrean National Council for Democratic Change**

**Presidency of the Council**

03.12.2014

# መሪሕነት ባይቶ
# ሓድነት ባይቶና ንምዕቃብ ብኣባላት ባይቶን ብለበዋ ህዝቢን ተማእዚዙ ንኣኼባ ባይቶ ዕለት 15.12.-19.12.2014 ተሳቲፉ ክመርሕ ወሲኑ

ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ካብ ዝምስረት ሰለስተ ዓመታት ኮይኑ። ብዕድሚኡ ዕሸል እኳ ኢንተመሰለ፡ ተጠኒሱ ክሳብ ዝውለድ፡ ብዙሕ ርሃጽን ደምን መስዋእትን ተኸፊሉሉ እዩ። ራኢኡ ሰፊሕን ዓሚቕን ነዊሕን፡ ረብሓኡ ዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ሰላምን ፍትሕን ምዕብልናን እዩ። ንኹሉ ዜጋታቱ ኣብ ጽላሉ ሓቑፉ የሳትፍን የዛትን። ስለዚ ባይቶ ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ከምሙኻኑ መጠን፡ ኩላትና ክንከላኸለሉን ከነደንፍዖን ታሪኻዊ ሓላፍነት ኣሎና። <u>**ደንበ ተቓውሞ ሃገራዊ ባይቶ ምትካሉ ዓቢ ኣስተዋጽኦ እዩ።**</u>

መሪሕነት ባይቶ፡ ከም ሓጋጊ ኣካል መጠን፡ ኣብ ቅድመ ግንባር ኮይኑ ንሕጊ እናተኸላኸለ ብዓቢ ሓላፍነት ክጣበቖ ጸኒሑ እዩ፡፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ክኸይድ ዝጸንሐ ሕጊ ጠቀስ ክትዓት፡ ንህዝብና ብመራኸቢ ብዙሓን እናሓበረ፡ ምስ ኣባላት ፈጻሚትን ኣባላት ባይቶን ከኣ፡ ብዝተፈላለየ መንገድታት ክመያየጥን ክዛተን ጸኒሑ እዩ፡፡

እኩብ ድምር ናይዚ ኩሉ ሽንኻት ምምይያጥ መሰረት ብምግባር፡ መሪሕነት ባይቶ ነዚ ኣኼባ ክሳተፎ ወሲኑ። እዚ ስጉምቲ እዚ፡ ኣብ ምሕላው ሕጊ ዝተመርኮሰን፡ ሓድነት ባይቶና ንምርግጋጽን እዩ።

በዚ መሰረት፡ መሪሕነት ባይቶ ዕለት 15.12.-19.12.2014 ንኣኼባ ክሳተፎ ሙኻኑ ንሕብር። ኣስዒቡ፡ በዚ ኣጋጣሚ ኩሎም ኣባላት ባይቶ ንኽሳተፉዎ ይላቦ። ንህዝብና ውን ብጻዕሩ ዝመስረቶ ባይቶኡ ኣብ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ንኽርከብን፡ ዋንነቱ ንኸረጋግጽን፡ ሞራላውን፡ ፖለቲካውን፡ ኤኮኖምያውን ደገፉቱ ንኸበርክት ጻውዒት ነቕርብ።

**ሓንትን እንኮን ዛዕባ ናይዚ ኣኼባ እዚ፡ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ብዝምልከት ኮይኑ፡ ናብ ዕዉት ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ዘእቱ መንገዲ ሓቢርካ ናብ ምድህሳስ ዘተኮረ እዩ።**

ሕጊ ይንገስ! ጥርናፈ ባይቶና ይደልድል!
መሪሕነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ